ንቪክቶሪያ ስድራቤታት ምእንታን መዋዕለ ሕጻናት ክረኽቡ ንምሕጋዝ ናይ ቪክቶሪያ መንግሥቲ ሓዱሽ ምልክት ኣሎዎ። እዚ Kinder Tick ይብሃል።

ናይ መዋዕለ ሕጻናት ወይኻዓ ናይ ቅድሚያ ሕጻውንቲ ግዘ ኣገልግሎት ዘለዎ ህንጻ ክትመጽእ እንከሎ ነዚ ምልክት ትርእዮ ኢኻ። ከምኡ'ውን ኣብ ናቶም ዌብሳይቲ/ድረገጽ ነዚ ምልክት ክትርእይ ትኽእል ኢኻ።

እዞም መዋዕለ ሕጻናት ኣገልግሎታት ንሕጻውንቲ ትምህርቲ ብሓቒ ጠቓሚ እዩ።

እቲ ምልክት Kinder Tick ነዚ ይመስል።

KINDERGARTEN
Victorian Government Approved

እዚ ምልክት'ዚ ማለት ናይቲ ኣገልግሎታት ገንዘብ ሓገዝ ብናይ ቪክቶሪያ መንግሥቲ ይኸውን።

ደቐኹም ብናይ ሞያተኛ መምህራን ብጻወታ ኣቢሎም ይምሃሩ እዮም።

ንኣብነት፡ ብዛዕባ ቋንቋ፣ ቁፅሪን ኣወጻጽኣ ቅርጺታትን ይማሃሩ እዮም። ብኸመይ መሓዙት ከፍርዩ ከምዝኽእሉ፤ ሓሳቦም ምኽፋልን ጽን ኢልካ ንምስማእ ከምዝኸሉ ይማሃሩ። ከምኡ'ውን ምእንታን ንቤት ትምህርቲ ክዳለዉ ዝሕግዝ ካልእ ናይ ሞያ ሓገዝ ይረኽቡ።

ካብ 2022 ዓ.ም ጀሚሩ ናይ ቪክቶሪያ ሕጻውንቲ ቅድሚ ቤት ትምህርቲ ምጅማሮም ብናይ መዋዕለ ሕጻናት ንክልተ ዓመታት ምኻድ ይኽእሉ እዮም።

ፕሮግራም መዋዕለ ሕጻናት ናይ ሕጻን ሓልየት መውሃቢ ሓደ ኣካል ክኸውን ይኽእል። ከምኡ'ውን እዚ ፍሉይ ዝበለ ፕሮግራም ክኸውን ይኽእል።

ብናትኻ ማሕበረሰብ ንዘሎ ናይ Kinder Tick ምልክት ምርኣይ። ብዝበለጸ መረዳእታ ትደሊ እንተኾይንካ ኣብ መዋዕለ ሕጻናት ንዘለዉ መማሃራን ኣዘራርብ።